# ቃል ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ፌስቲቫል ካስል

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስይዊ ኪዳን
## 30.07.2005

ኣብቲ ካብ 27-31 ሓምለ 2005 ኣብ ካስል እተኻየደ ቀዳማይ ፈስቲቫል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ሓው ሑሴን ኸሊፋ ዝቐረበ ቃል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኤርትራ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ክቡራት ኣባላት መሪሕነት ኤ.ዲ.ኪ፤
ክቡራት ኣባላት መሪሕነታት መሰረታትን ተቓወምቲ ውድባት፤
ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማት ኣጋይሽ፤

ናጽነት ኤርትራ ካብ ዝረጋገጽ 14 ዓመታት ጌሩ'ኳ እንተሃለወ፡ ህዝብና ዛጊት ናይ ምምዝባልን ጭቆናን ሽበራን ስቅያት የሕልፍን፡ ትርጉም ናይ ዘይብሉ ኲናት ግዳይ ይኸውን ኣሎ።

### ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ

ህዝብና ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ብሰንክቲ ንሰብኣዊ መሰላት ዝከላኸልን ንዜግነታዊ ተረድኦ ዘስርጽን ኩሉ ኣህጉራዊ ሕግታትን ሰነዳትን ዝጥሓስን፥ ንህዝቢ ዝጭቍንን፥ ኣብ ልዕሊ ተቓወምቱ ናይ ቅንጸላን ማእሰርትን ምግላልን ተግባራት ዘካይድን ናይ ሓደ ሰብኣይ ምልካዊ ስርዓት ንንኩለንተናዊ ዓሚቕ ቅልውላው ይሳጣሕ ኣሎ።

### ኣብ ቁጠባዊ መዳይ

ኤርትራ ከም ውልዶ ሃገር መጠን በቲ ኣብ ሰጥሕን ከርስን መሬታ ብዘሎ ጸጋታትን ፈታዊ ስራሕ ብዝኾነ ህዝባን፡ መንገዲ ቁጠባዊ ምዕባለ ከተርክብ ተኽእሎታት ኔሩ'ዩ። ብሰንኪቲ ንህዝቢ ኣጥሚኻ ንውሑዳት ጥቕመ ፈሊጣውያን ዘገልግል ጉጉይ ፖሊሲታት መንግስቲ ኢሳያስ፡ ኣብ ሃገርና ናይ ዓጸቦ ክውንነት ተኸሲቱ ይርከብ። ገዛኢ ሰልፊ ናውቲ ማእቶትን ውሽጣውን ግዳማውን ንግዲ ምግባቱን፡ ነቲ ኣብ ማእቶት ወሳኒ ባእታ ዝኾነ ሓይሊ ሰብ ካብ ማእቶት ገሊፉ ንኣፍራዪ ሓይሊ ሰብ ጾታ ብዘይምፍላይ ኣብ መወዳእትኡ ዘይፍለጥ ኣስገዳድ ወታሃደራዊ ኣገልግሎትን ናብ ዓውዲ ኲናት ምጕራቱን፡ ኣብ ገንዘባውን ምምሕዳራውን መዳይ ተርእዮታት ብብልሽውና ምስፋሕን፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ምትንኻላትን፡ ናይ'ቲ ጉጉይ ፖሊሲታት ጭቡጥ ምስክርነት'ዩ። በዚ ጉጉይ ፖሊሲታት'ዚ ኤርትራ ሰብ ናብ ክነብረላ ዘይክእል ገሃነም ስለ ዝተቐየረት፡ መንእሰያት ደቂ ሃገር ብዘይድሌቶም ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ይስደዱ ኣለዉ። ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ስቅያት በብጊዜኡ ይዛይድ ኣሎ። መንግስቲ ኢሳያስ ኣብ ምምላሶም ሓጹራትን ዕንቅፋታትን ክገብር ጸኒሑ እንከሎ፡ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ዝህቦም ዝነበረ ናይ ረድኤትን ጥዕናን ትምህርትን ሰብኣዊ ኣገልግሎት ኣቋርጹዎ'ዩ። ገዛኢ ስርዓት ፖለቲካዊ ስልጣኑ ንምሕላው ናይ ከፋፊልካ ግዛእ ሜላታት ይኽተል ስለ ዘሎ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ሓደ ሃገር ማሕበራዊ ቅርሕንትታት የኳሃህርን ንሕቶ መሬት'ውን ከም ኣገባብ ምብትታን ማሕበራዊ ማኣስር ይጥቀመሉ ብምህላዉን፡ ማህበራዊ ኩነታት ህዝብና ኣብ ሕማቅ ደረጃ ይርከብ ኣሎ። ህዝብና ግን ናይ ከፋፊልካ ግዛእ ሜላታት፡ እዋናውን መጻእን ሓደገኛ ዕላማታት ብሙሉእ ንቕሓት ተረዲእዎ ኣሎ። ነዚ ፖለቲካ'ዚ ቅድም ኩሎም መግዛእታዊ ስርዓታት ተጠቒሞምሉ'ዮም። ሳላ ሓድነት ህዝብናን ማሕበራውን ሃይማኖታውን ምትእስሳሩ ስኒቱን ሃገራዊ ክብሪ ልዕሊ ኩሉ ስለ ዝሰርዐን፡ እቲ ናይ ከፋፊልካ ግዛእ ሜላታት ፈሺሉ'ዩ። ስለዚ መንግስቲ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ባህላውን

ሃይማኖታውን ሕብረተሰብኣዊ መከወኒታት ደቂ ኤርትራ ዘነጻጸረ መጥቃዕቲታት የካይድ እንተሃለወ'ኳ ኣብ ውሽጣዊ ተነጽሎ'ዩ ዝነብር ዘሎ።

## ኣብ መዳይ ዝምድናታት ወጻኢ

ናይ ስርዓት ኢሳያስ ወጻኢ ፖሊሲታት ካብቲ ናይ ህልው መዋእልና መንገዲ ወጻኢ ይኸይድ ብምህላው ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መዳያት ተነጺሉ'ዩ። ኣብ ዓለም ብፈሓሻ፡ ብዘይካ ኤርትራ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ ፖለቲካውን ቁጠባውን ለውጥታት ክመጽእ ይረኤ ኣሎ'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ካብ ከማልኦም ዘለዎ ሃገራዊ ጉቡኣት ብምህዳም ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዘየድላይ ግርጭታት እናጻሕተረ፡ ንኤርትራ ናብ ዕጽውቲ ደሴት ቀይርዋ ኣሎ። ኣብዚ ዞባ'ዚ ኣብ ፖለቲኮ ብዙሕነት፣ ደሞክራሲ፣ ሃገራዊ ዕርቅን ኣህጉራዊ ቁጠባውን ባህላውን ምትሕግጋዝን ዘትከለ ፖለቲካውን ደሞክራሲያውን ዝተቀላፈ ለውጥታት'ዩ ይርኤ ዘሎ።

## ክቡራት ዕዱማት፡-

ኣብ ቅድሚ'ዚ ሃገርና እትሐልፎ ዘላ ጸገማት ዝዛይድ ዘሎ ስቅያት ህዝብናን ዝተቐላጠፈ ዞባውን ኣህጉራዊ ለውጥታትን፡ ሃገራውያን ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ኤርትራ ንጸረ-ደሞክራሲያውን ጨቋንን ተነጻልን ፖሊሲታት ስርዓት ኢሳያስ ንምምካት ኣብ ቅድመ-ግንባር ምስላፍ ግድን'ዩ ኔሩ። ናይ ገዛኢ ጉጅለ ጸረ-ደሞክራሲያዊ ባህሪኡን ካብ ናይ ህዝብና ጥሙሕ ኣብ ሓርነትን ደሞክራስን ፍትሕን ከም ዝተኣለየን ኣብ ቅድሚ ህዝብና ከይተቃለዐ እንከሎ፡ ሃገራውያን ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ኤርትራ ኣንጊሆም ንኣዕናዊ ፖሊሲታት ኣለልዮምዎ'ዮም። ኣብ ምምካቱ ከኣ እተፈላለዩ ገድላዊ ኣገባብ ወሲዶም ንዲክታቶርያዊ ፖሊሲታትን ተግባራትን ተቓዊሞምዎን ኣቃሊዖምዎን'ዮም። ብዘካየድዎ ሓድነታዊ ጻዕርታት ከኣ 1999 ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ተመስሪቱ። ሓድነታዊ ጻዕርታት ብምቕጻል ድማ ናብ ምምስራት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ማዕቢሉ። እዚ ክሊ'ዚ ማለት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ናይ ሓድነታዊ ድሌት ተቓውሞ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ባህርያዊ ውጽኢት'ዩ ኪንብሎ ንክእል ኢና። ኣብ ወርሒ መጋቢት 2005 ዝተመስረተ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ዓይነታዊ ነቕሎ ከም ምዃኑ መጠን፡ ንምርግጋጽ ሓድነት ሃገራዊ መስርዕ ከም ዕለታዊ ተጋድሎኡ'ዩ ዝወስዶ። እዞም ኣብ ትሕቲ ዝተፈራረሙሉ ጽላል ፖለቲካዊ ቻርተር ዝተሓቐፉ 16 ውድባት ንሃገርና ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምድሓን፡ ባህላውን ሃይማኖታውን ብሄራውን ብዙሕነት ህዝብናን፡ መሰረታዊ ሓርነታትን፡ ኣህጉራዊ ሕግታትን፡ ዓለማዊ ኣዋጅ ንሰብኣዊ መሰላትን ዘኽብር ቅዋማዊ ስርዓት ንምትካል፡ ናብ ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ሰላማዊ ምቅብባል ስልጣንን ዘትከለ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ዘምርሕ ስሙር መደብ ዕዮ'ዮም ተሰማሚዖም።

## ክቡራት ዕዱማት፡-

ኣብ ቅድሚ ምንቅስቓስ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ብዙሓ ዕንቅፋታት'ኳ እንተሃለዉ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝሓለፈ ኣርባተ ኣዋርሕ ኣብ ኩሉ መዳያት ኣገደስቲ ዓወታት ኣመዝጊቡ ንረኽቦ። መድረኻዊ መደብ-ዕዮ ሓንጺጹ ንምፍጻሙ ይጽዕት ኣሎ። ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ኣብያተ-ጽሕፈት ከፊቱ ይርከብ።

ኣብ ዜናዊ መዳይ ብመንገዲ ፈነወ-ሬድዮ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ወጻእን ዝርከብ ህዝብናን፡ ምስ ህዝብታት ዞባናን ዓለምን ምርኻብ ክኢሉ ኣሎ። ናይ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ፈነወ-ሬድዮ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ኤርትራ ይስማዕ'ዩ። ከምኡ'ውን ወርሓዊ መጽሔት ብትግርኛን ዓረብን ብሱሩዕ ይዝርግሕ ኣሎ። ኣብዚ ዜናዊ መዳይ'ዚ እተፈላለዩ መርበብ ሓበሬታታትን ኤርትራዊ ዜና ማእከላትን ንዲክታቶርያዊ ፖሊሲታትን ተግባራትን ገዛኢ ስርዓት ኣብ ምቅላዕን ንንፈታት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ምቅላሕን ብዝጻወትዎ ዘለዉ ኣወንታዊ ግዴታት ከየመስገንናዮም ኪንሓልፍ ኣይንደልን። ስርዓት ኢሳያስ ዋላ'ኳ ካብ ህዝቢ ሓበሬታታት ይሓብእን

ኢንተርኔት ካፌታት ይዓጹ እንተሃለው፡ ህዝብና ከከም ኩነታቱ ምስ ህልዉ ሓበሬታዊ መዋእል ብምጥዕዓም ገድላዊ ሓበሬታታት ክረኽበሉ ዝኽእል ባይታ ደረጃ ብደረጃ ይጥጥሕ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ ኣብ መስመር ቴሌፎናትን ካልእ መሳለጥያታት ሓበሬታታትን ቁጽጽር መንግስቲ ኢሳያስ ዝሕይል ዘሎ።

ኣብ ፖለቲካዊ ዲፕሎማስያዊ መዳይ፡-

ኣብዚ መዳይ'ዚ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣገደስቲ ስጉምትታት ኣረጋጊጹ ኣሎ። ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ምስ መንግስታትን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ርክባት ኣካይዱ። ናብ ማሕበር ዓረብ መዘክራት ልኢኹ። ምስ ሕብረት ኣውሮጳ ርክባት ኣካይዱ። ኣብ ሃገራት ኣውሮጳን ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካን ዑደታት ኣካይዱ። ዓለም ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታትን ባህሪ ስርዓት ኢሳያስን ኣብ ክትፈጠሉ ዝኽእል ደረጃ በጺሓ ኣላ ክንብል ንኽእል። ካብ ኩሉ ወገናት ኣንጻር ስርዓት ኢሳያስ ዝውሕዝ ዘሎ ኩነታት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዝነጥፉ ኣህጉራዊ ውድባትን ጸብጻባት ሚኒስትሪታት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ኣውሮጳን ኣመሪካን ካናዳን ኣውስትራልያን እኹል ምስክር'ዩ።

ዲክታቶርነት ንምቅዋም ሰላማዊ ሰልፍታት ምግባር ሓደ መልክዕ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ምቡዕል ኣገባብ ቃልስን ከም ምዃኑ መጠን፡ ኤርትራውያን ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ጸረ-ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ንዘካየድዎ ሰላማዊ ሰልፍታት ነሞጉስ። ከምኡ'ውን ኣብ መዳያት ሰብኣዊ መሰላት ንዝነጥፉ ኤርትራዊ ማዕከናትን ማሕበራትን ኣካላትን ኣብ ኤርትራ ብስርዓት ኢሳያስ ዝፍጸም ፍጻሜታት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምእካብን ምስናድን ምዝርጋሕን ንዝጻወትዎ ዘለዉ ግደታት ነሞጉስ። ዓወትን ኣሳልጦን'ውን ንምነየሎም።

ኩቡራት ዕዱማት፡-

ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኩነታት ንኩሎም ኤርትራውያን ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ መዳያት ዝምልከት ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ። ካብ ኩሎም ሃገራት ጻዕሪ ዝጠልብ'ውን ኮይኑ ኣሎ። እቶም ብዘታሓሳስብ ስቅያት ተሳጢሖም ዘለዉ፡ ብቀንዱ እቶም ኣብ እዋን ሓርነታዊ ተጋድሎ ካብ ዠናት ዝተሰደዱን ብወለንትኦም ናብ ሃገሮም ንከይምለሱ ስርዓት ኢሳያስ ዕንቅፋት ዝገብረሎምን'ዮም። ንኩነታት ስደተኛታት ንምክትታል መሪሕነት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ መዓስከራት ስደተኛታት ሰፊሕ ዑደት ኣካይዱ። ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ጉዳያቶም ምስ ዝምልከቶም ኣካላት እተፈላለዩ ርክባት'ውን ኣካይዱ። ባይቶ ማሕበር ስደተኛታት ኤርትራውያን'ውን ኣብ ሓምለ 2005 ኣብ ዘካየዶ ካልኣይ ኣኼባኡ መሪሕነት ኪዳን ተሳቲፉ'ዩ። እቲ ባይቶ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2005 ኣብ ካርቱም ካልኣይ ጉባኤኡ ክካየድ ወሲኑ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዝካኣለኩም ዓቕናውን ዓይነታውን ደገፋትኩም ከተበርክቱሎም ኣብ ኣህጉራዊ ዓውድታት ስቅያቶም ብምንጽብራቅ ኣፅሩኽ ከተጥርይሎምን ንጽውዕ። ካብ'ዚ መመደሪ'ዚ ንዓለም ብመንገዲ ትካላቱ፡ ኣውራ ድማ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዝምልከቶም ትካላቱን ብዝቀልጠፈ ጊዜ ንኩነታት ስደተኛታት ኤርትራውያን ጠመተ ኪገብርሎም ንጽውዕ። ከምኡ'ውን ኩሎም ደገፍቲ ሰብኣዊ መሰላትን ጠቕላላ መሰረታዊ ሓርነታትን፡ ናይ ፖለቲካን ሕልናን ጋዜጠኛታትን እሱራት ንምልቃቅ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳያስ ተጽዕኖታቶም ከዛይዱ ንጽውዕ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዓንድታት ሃገራዊ ሓድነት ኣጽኒዑ ሒዙ ብኩሉ ፖለቲካዊ ኣካላቱ ንሰብኣዊ ሕልና ዘይብሉ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝቃወም ዘሎ ህዝብና ልዑል ምስጋናን ክብርን ነቕርብ። ነቲ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝርከብ ህዝብና ከኣ ምስቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብና ምሕዝነቱ ኣደልዲሉ ጸረ-ዲክታቶርያዊ ስርዓት ቃልስታቱ ክብ ከብል ንጽውዕ። ኣብ መስርሕ ምህናጽ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ናይ ተቓውሞኹም ዋሕስን ናይ መሰላትኩም መሳርሕን ምዃኑ ቃል ንኣትወልኩም።